

# ቃል ሓዘን!

ብምኽኒያት ሞት ሓወይን ዓርከይን ተስፋመስቀል ኣስካለ ዝተሰመዐኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ንቤተ ሰቡን በዓልቲ ብቱን ውላዱን፡ ናይ ቀረባ ኣዕሩኹን መሓዝቱን ጽንዓት ይሃብ፡ ንመዋቲ ድማ መንግሰተ ሰማይ የዋርሶ እናበልኩ መሪር ሓዘነይ ይገልጽ።

ተስፋይ ሑሞራ ደሃይካ ሃበኒ
መሲሉኑ ነይሩ ዝመጻእካ ክትርእየኒ
ላካስ ፈሊጥካ ኢኻ ኪትሰናበተኒ
ሓቅኻ ኢኻ ብወረ ካብ ዘርዱኡኒ
ከምታ ፍቕርና ኣብ ኢደይ ክትዓርፈኒ
ካብ ብወረ ዝሰምዖ ኮምኡ ይሕሸኒ።

ተስፋይ ሓወይ ለጋስ ወዲ ህዝቢ
ተንኮል ዘይፈልጥ ጻዕዳ ልቢ
ሓርበኛዶ ክብለካ ጻዕራም ንህቢ
ሑራይ እምበር ዘይፈልጥ እምቢ
በል ፈጥሪ ይፍደኻ ናትካ ዓስቢ።

ኣንታ ወዲ ሓላል ህዝቢ መሓዛይ
ወዲ እቲ ተባዕ ህዝቢ ኣከለጉዛይ
ከይተመልስኩ ከይኣተኹ ገዛይ
ኣብዚ ጠልሚካኒ ገዲፉኒ ቃንዛይ።

ወዲ ኣከለ ጉዛይ ወዲ ስዩመ ኤዛና
ወዲ በለው ከለው ሰረት ናይ ታሪኽና
ወዲ እምባ መጠራ መስቀል ምልክትና
ወዲ እምባ ሶይራ ኀብለል ናይ ሃገርና
ወዲ ኣዱሊስ ጥንታዊት ወደብና
በል እንቋዕ መጻእካኒ እንቃዕ ተራኸብና።

ተስፋመስቀል ሓወይ ቃልካ ኣየዕበርካን
ጥልመትን ቅጥፈትን'ኳ ኣይኣመልካን
ወያ ምሕዝነትና'ውን ኣይከሓድካን
ተሓጉሽ ብህይወትካ ርእየካን ስዒመካን።

ወዲ ኣረሞ ዝባውንቲ ወዲ ዓቢ ዓዲ
ወዲ እንዳዳሽም ዘይጸዓድ ብግዲ
ወዲ ዓዲ ጉልቲ ወዲ ሰናይ ልምዲ
ወዲ ላዕላይ ኣጉሩፍ ዘይታልሎ ሰልዲ
ወዲ ታሕታይ ኣጉሩፍ ተባዕ ወዲ።

በል ደሓን ኩን ሓርበኛ ወዲ ኤርትራ
ምእንቲ ሃገር ተጋዲልካ ምእንቲ ክብራ
ሃገርን ህዝብን ኣቐዲምካ ገዲፍካዮ ናብራ
ብዓወት ተጸንቢልካ ኣቲኻያ ኣስመራ
ሎሚ ዓለም ኣርኪባትካ ጅግና ዘየሕፍራ
ኣርሒቕካ ከድካ ኣብቲ ናይ ኩልና ስፍራ።

ተስፋ መስቀል ሓውይ ኣርሒቕካ ካብ ከድካ
በል ደሃን ኩነለይ ክሳብ ንስዕበካ
ከምቲ ባህግኻ ከምቲ ጽቡቕ ድሌትካ
ኣብ የማናይ ክንፉ ኣምላኽ ይቀበልካ።

*ብርሃነ መንገሻ*
ከተማ ካስል ጀርመን።